# ኣስተውዕል !

# ኤርትራዊ ኣብዘለኻ ሃሊኻ ርግእ ኢልካ ንነገራት ተኸታተል !

**መጺጽካ ዝሰተኻዮን ፡ ኣኾምሲዕካ ዝወሓጣካዮን ፡**
**እቲ ኣይስርንቕ ፡ እትን ኣይሓንቕ ፡**

### ካብ ባሕሪ ብማንካ ፡ ጥቕስታት ስነ/ጥበባዊ ምኪኤል በርሀ ክውክስ !

_ ኩናትን ኣዕናዊ ባህርያቱን ኪነዮ'ቲ ዝኸተሎ ማሕበራውን ቁጠባውን ምምዝባላት ኣብ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጥን ኣካላዊ መቕዘፍትን ዘውርዶ ማህሰይቲ ፡ እቲ ብኣውራ ዝጥቀስ ሳዕቤን'ዩ ፡
_ ብፍታውካን ተገዲስካን ትኣትዎ ኩናት ፡ ይንዋሕ ይሕጸር ኣብ ዓወት ይኹን ስዕረት ሂወት ወዲሰብ ክትከፍል ግድን'ዩ ፡
_ ኣብቲ ንስለ መሰልን ናጽነትን ዝግበር ኩናት ምስ እንርኢ ፡ ካብቶም ምሩጻት ሕሩያት ፡ ጀጋኑ ብመትከል ይወድቁ ፡
_ እዞም ብሓርበኝነት ዝሓልፉ ሰማእቲ ንወለዶታት ዝሰጋገር ሓወልቲ ታሪኽ ኮይኖም ይነብሩ ፡

( ነቲ ዝወደቕሉ ዕላማ ፡ ፍቕሪ ሃገርን ፡ ሓድነት ህዝብን ፡ ሃገራውነትን መንነትን ዝዕቅብ ቀጸሪ ፡ ልቢ ነፍሲወከፍና ክኸውን ግዴታና እዩ ፡ እቲ ምንታይሲ ምንባርና ዝዓዘዘ ሂወት ሰኹዑ ዝሳግም'ዘሎ ስለዝኾነ፡ ዋጋ ናይቲ ፡ እንኮ ሂወቶም ወፍዮም ዘበርከቱልና መዘና ኣልቦ ሂያብ ብሙኳኑ ፡ ነዚ ሓወልቲ በብዝመስለና ክንተኳትኾ ግን መዘዙ ሓያል'ዩ ክኸውን ) !

ኣብ 24 ግምቦት 1991 ጽሓይና መሊኣ ዝበረቐት ፡ ምውዳቕ ብሉጻት ከዋኽብትና ግን ንስለምብራቕ ቅሂማ ዝነበረት ጸሓይና ጥራይ ዘይኮነ ፡ ብዝኾነ ዓማጽን ዘይናቱ ዝደልን ተጎኒጸ ከም ቲምኒት ስሱዓት ፡ ከይትህሰ ፡ ሰረታ ደልዲሉ ፡ ጭዋዳታ ጎቢዙ ፡ መትኒ ሰራውራ ረስሪሱ ፡ ሂወት ነዚዑ ፡ ነቲ ንራህዋ ኪኖ ጸበባ ኣማዕድዩ ብጻዕሩ ቃልሱን ካብ ምንጋጋ ጸላእቱ መንዚዑ ብክብረት ዝጨበጣ ፡ ሓላል ወርቂ መነጸፉ ፡ ብማዕረ ንህዝቡ ዘድርር ፡ ኣድሪሩ ዘዕግብ ፡ ተሃራፊ ዕሙር'ሞ ዘይረግፍ ወርቃዊ ቆጽሊ ኣውሊዕና ዝሕመረቱ ፡ ፍረ ሰማዕት ንብሂወት ንነብር ዘለና እቲ ዝረዘነ ሓላፍነት እዩ ፡

ኣብ 20 ሰነ ጥዋፍ ወሊዕና ብሕልና ምስ ጀጋኑና ክንራኸብ ፡ እቲ ዝኾነ ዘይረኸቦ ክብሪ ስለዝኾነ ፡ ብእኡ መጠን ፡ ነንነብስና ሓቲትና ዘጉደልናዮ ክንምልእን ብንጥፈታትና ከይተነየትና ፡ ንፍቕሪ ብዘይስፍሪ ክንነድቕ ፡ ንሓድነትና ከምዘይንደል ከነደልድል ፡ ንሃገርና ማዕረ ዝማዕበላ ሃገራት ክንሰርዕን ፡ ታሪኽና ንዝቕጽል ወለዶ መገዲ ኣጻፊና ከነንጽፈሎምን ፡ ዝኣቶናዮ መብጽዓ ከይንጠልምን ፡ እዚ ምስእነተግባር ፡ ሰማዕታትና ናይ ብሓቂ ክቐስኑ ይኽእሉ ፡ መኽንያቱ ፡ ዕላማ ስለዝእዉዱና ፡ ናይ ሕልና ቅሳነት እቲ ዝዓበየ ጸጋ እዩ'ሞ ፡ ኣፋኒኻ ምዝንጋዕ ግን እቲ ዝኸበደ ወንጀል እዩ ፡ ስለዝኾነ ፡ መቐረት ናይ ቅሳነት ምስትምቓሩ ዝርድኣካ ኣብትግባረኡ እዩ ፡ ነገሩ ሓንሳብ ሰተት እንተ ኢሉና ግን ዘይድየብ ዓቐበት እዩሞ ኣመና ምስትውዓልን ምጥንቃቕን ክሓተና እዩ !

ንናጽነትና ከየነስተማቕርን ብግቡእ ራእይና ከይንቕይስን ፡ ኣብዛ ከም መርከብ ኖህ ብማዕበላት እትናወጽ ዘላ ዓለምና ፡ ብብድሆታት ተኸቢብና ፡ ብጻዕርታትና መስተንክራዊ ዓወታት ኣመዝግብናን ጌና ኣብቃልሲ ንሃሉ'ምበር ፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ ጸላእትና ብዝጥዕሞም መንገዲ ኣመኽንዮም ክኣትዉና ከምዝፍትኑ እናፈለጥና ፡ ንዘጋጥሙና ብድሆታት ከምቀደምና ብቋንቋ ሓደ ልቢ ፡ ንምፍትሖም ወትሩ ድሉዋት ክንከውን ይግባእ ፡
`` እቲ ብዕራይ ኣብዘበለ የብል ፡ ንዕርፊ ኣጽኒዕካ ምሓዝ እዩ ነገሩ ``፡

ከም ለበዋ ፡ እቶም ነዚ ሕጂ ኩነታት ኣጋጢሙ ዝበሃል ዘሎ ኣጋጣሚ ብምምዝማዝ ፡ ከከም ድልየትኩም ሓላፍነት ዝጐደሎ ብኢደወነንኩም ሓበሬታ ንህዝቢ ትዝርግሑ ዘለኹም ፡ ክሳብ ወግዓዊ መግለጺ በቲ ዝምልከቶ ኣካል ዝወሃብ እንተተቐጠብኩም ዝሓሸ እዩ ፡ መኽንያቱ ንሃገርን ህዝብን ዝምልከት ጉዳያት ሓላፍነቱ እንኮ መንግስቲ ኤርትራ ስለዝኾነ ፡

*ሓድነትና ሓይልና ፡ ግርማና ጽንዓትና !*
*ዘልኣለማዊ ክብርን መጎስን ንጀጋኑ ሰማዕታትና !*
*ዓወት ንሓፋሽ !*
*ተዳለወ ብመድሃኔ ተስፋኣለም ፡ 03.02.2013*